# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.222 ሰንበት 17 ግንቦት 2026 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 ዜና

ገጽ 3 ካብ ቃላት ሓምድ እድሪስ ዓዋተ



ገጽ 4 ጐይታ 4-ኪሎ



ገጽ 5 ሓካይምን ተሓከምትን ስውራ




ገጽ 7 ስእላዊ ዓምዲ


## ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ምስ ላዕለዋይ ልኡኽ ግብጺ ዘትዩ



ስእሊ-ሳልሕ ዓብደልቃድር



ስእሊ-ሳልሕ ዓብደልቃድር

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ብሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢን ኣህጉራዊ ምትሕግጋዝን ዶ/ር በድር ዓብደልዓጢ ንዝተመርሐ፡ ሚኒስተር መጓዓዝያ ከምኡ'ውን ኣካየድቲ ኣብ ጽላታት መጓዓዝያ፡ ጸዓትን ዕደናን ዝጠቓለሉ ዓበይቲ ቁጠባውን ንግዳውን ኩባንያታት ዘጠቓለለ ላዕለዋይ ልኡኽ ሬፓብሊክ ግብጺ፡ ትማሊ 16 ግንቦት ኣብ ኣዳራሽ ደንደን ተቐቢሉ ኣዘራሪቡ።

ኣብ'ቲ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ፡ ሓላፊ ቁጠባዊ ጉዳያት ህግደፍ ኣቶ ሓጐስ ገብረሂወት፡ ከምኡ'ውን ሚኒስተር ንግድን ኢንዱስትሪን ኣቶ ነስረዲን መሓመድ-ሳልሕን ሚኒስተር መጓዓዝያን መራኸቢታትን ኣቶ ተስፋስላሴ ብርሃነ ዝተሳተፍዎ ርክብ፡ ኣብ ምድንፋዕ ክልተኣዊ ከምኡ'ውን ኣብ ምድንፋዕ ከሉመዳያዊ ክልተኣዊ ዝምድናታትን ሓባራዊ ኣገዳስነት ዘለዎም ዞባውን ኣህጉራውን ጉዳያትን ዘተኮረ ዘተ ተኻዪዱ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኩሉመዳያዊ ዝምድናታት ኤርትራን ግብጽን ንክልቲኡ ህዝብታት ብዘርብሕ ምምዕባሉ ኣገዳሲ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ኤርትራ ምስ ቁጠባውን ንግዳውን ኩባንያታት ግብጺ ብምትሕብባር፡ ንክልቲኡ ወገን ዘገድስ ሓባራዊ ፕሮጀክትታት ንምትግባር ቅርብቲ ምዃና ኣረጋጊጹ።

ሚኒስተር በድር ዓብደልዓጢ ብወገኑ፡ እቲ ዑደት መርኣያን መግለጽን ሕውነታዊ ምሕዝነትን ምትሕግጋዝን ህዝብታት ኤርትራ ግብጽን ኩይኑ፡ ብመሰረት መምርሒ ፕረዚደንት ኢሳይያስን ፕረዚደንት ኣልሲሲን፡ ክልተኣዊ ንግዳውን ቁጠባውን ምትሕግጋዝ ንምዕዛዝ ዝዓለመ ከምዝኾነ ገሊጹ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኤርትራን ግብጽን ኣብ መጓዓዝያ ባሕርን ኣገልግሎት ወደባትን ዘተኮረ ስምምዕ ከቲመን።

ኣብ'ቲ ፕረዚደንት ኢሳይያስን ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ ኤርትራን ግብጽን ዝተረኽብሉ ስነስርዓት፡ ነቲ ሰነድ - ብወገን ኤርትራ ሚኒስተር መጓዓዝያን መራኸቢታትን ኣቶ ተስፋስላሴ ብርሃነ፡ ብወገን ግብጺ ድማ ሚኒስተር መጓዓዝያ ጀነራል ካምል ኣልወዚር ከቲሞምሉ።

ብኻልእ ወገን፡ ሚኒስተር ዑስማን ሳልሕን ሚኒስተር በድር ዓብደልዓጢን ብተናጸል ኣብ ዝገበርዎ ርክብ፡ ክልተኣዊ ዝምድናታትን ምትሕግጋዝን ንምድንፋዕ ዝተበጽሐ ስምምዓት ንምትግባር ኣብ ዝሕግዙ መዳያት ዘትዮም።

ንእዋናውነትን ኣገዳስነትን ምብጻሕ ላዕለዋይ ልኡኽ ግብጺ ዝጠቐሰ ሚኒስተር ዑስማን፡ ኣብ'ዚ ኣብ ዞና ቀልጠፍን ተኣፋፍን ምዕባለታት ዝኽሰተሉ ዘሎ ህሞት፡ ክልተኣዊ ምትሕግጋዝ ምሕያል ኣድላይነቱ ልዑል ምዃኑ ኣስሚሩሉ።

ኤርትራን ግብጽን ኣብ ዞባውን ኣህጉራውን ጉዳያት ተመሳሳሊ ኣረኣእያ ከምዝለወን ዝሓበረ ሚኒስተር በድር ብወገኑ፡ ትግባረ ሓባራዊ ኣገዳስነት ዘለዎን ስምምዕ ዝተበጽሓሉን ልምዓታዊ መደባት ምቅልጣፍ፡ ንክልተኣዊ ረብሓታት ኣገዳሲ ከምዝኾነ ኣገንዚቡ።

ብሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ዶ/ር በድር ዓብደልዓጢ ዝተመርሐ ላዕለዋይ ልኡኽ ሬፓብሊክ ግብጺ፡ ሎሚ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ-ቐትሪ ኣስመራ ኣብ ዝኣተወሉ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ ኣብ ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ተረኺቡ ተቐቢልዎ።

## ፕረዚደንት ሃማደኤ፡ ንደቂኣንስትዮ ኣባላት ሚ/ምክልኻል ሰሚናር ኣካዪዳ

ፕረዚደንት ሃገራዊ ማሕበር ደቂኣንስትዮ ኤርትራ ወ/ሮ ተኽኣ ተስፋሚካኤል፡ ንደቂኣንስትዮ ኣባላት ክፍልታት ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ኣብ "ተራ ኤርትራውያን ደቂኣንስትዮ ኣብ መኸተን ልምዓትን" ዘተኮረ ሰሚናር ኣካዪዳ።





ስእሊ. ዙቤር ስዒድ

ኣብ'ቲ ብ15 ግንቦት ኣብ ኣስመራ - ኣዳራሽ መዓስከር ደንደን ዝተኻየደ ሰሚናር፡ ህዝባዊ ግንባር ማዕርነት ብሰራሕን ተሳትፎን ንምስራጽ፡ ሓያል ናይ ምንቃሕን ምውዳብን ስርሓት ከምዘካየደ፣ ከም ውጽኢቱ ድማ ኣብ ወርሒ ሕዳር 1979 ኣብ ሓራ መሬት ሃማደኤ ከምእተመስረተ ገለጹ፡

ደቂኣንስትዮ፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ብዘተራሕወሰን ርሒብ ዕድላት፡ ኣካዳሚያዊ፡ ፖለቲካውን ሞያውን ትምህርቲ ብምቕሳም፡ ኣብ ኩሉ መዳያት ናይ'ቲ ቃልሲ ብዝበቕዓት ከምእተሳተፋ፣ ኣብ ዓውደ ውግእ'ውን ክሳብ ደረጃ ኣዘዝቲ ብጅግንነት ከምእተቓለሳን ከምዝመርሓን ኣብሪሃ።

ፕረዚደንት ሃማደኤ ወሲኻ፡ ድሕሪ ናጽነት - መንግስቲ ኤርትራ ኣቐዲሙ ንዘበረ ንደቂኣንስትዮ ዝሃስን ዞዓሉን ሕግታት ብምስራዝን ንዘመሓየሸ ብምምሕያሽን፡ ብሓደሽን ፍትሓውን ትሕዝቶ ከምዝተካእ ከምዝገበረ፡ እዚ ድማ ምስ'ቲ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ዝተኸሰቱ ክብረታት ተደሚሩ፡ ናብ ሓደሽ መድረኽ ከምዝሰገረ ኣጆረ።

"ውዓብ ሓይሊ'ዩ" ዝበለት ወ/ሮ ተኽኣ፡ ማሕበር ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻኢን ውዳቤታቱ ብምስፋሕ ተሳትፎኡን ኣበርክቶኡን ንምዕዛዝ ይንቀሳቐስ ምህላዉ ብምግላጽ፡ ናይ ኩለን ደቂኣንስትዮ ጻዕርን ተሳትፎን ክሕይል ኣተሓሳሲባ።



ዜና

# ኤርትራውያን ነበርቲ ቤልጅዩም፡ በዓል ናጽነት ብልዑል ድምቀት ጸንቢሎም




ኤርትራውያን ነበርቲ ቤልጅዩም፡ “ጽንዓትና ዋሕስና” ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ መበል 35 ዓመት በዓል ናጽነት ብልዑል ደምቀት ጸንቢሎም።

ኣብ'ቲ ብ9 ግንቦት ኣብ ከተማ ብራሰልስ ዝተኻየደ ጽንብል፡ ጴሓፊ ማሕበርኦም ኣብ ከተማ ብራሰልስን ከባቢኣን ኣቶ ግርማይ ገብረሂወት ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ብመስዋእቲ ዝመጸትን ዝተዋሕሰትን ናጽነት ብልምዓት ንምድራዕ፡ ውዳበታቶም ኣሐይሎምን ሓድነቶም ኣትሪሮምን ኣበርክቶኦም ከማዕብሉ ኣረጋጊጾም።

ቀዳማይ ጴሓፊ ኤምባሲ ኤርትራ ኣቶ ሚካኤል ተስፋይ ብወገኑ፡ የቓንኡ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራን ሓይልታት ምክልኻሉን ድሕሪ ምግላጽ፡ ዝ. ንኣትዎ ዘሎና ናይ ልምዓት መድረኽ ንምዕዋት፡ ተሳትፎ ኣብ ወጻኢ ዝርከቡ ዜጋታት ብሓፈሻ፡ ሃገራውያን ውዳበታት ድማ ብፍላይ ክብ ክብል ከምዝድሊ ኣዘኻኺሩ።

እቲ ኣብ ኩሉ ክሊ ዕድመ ዝርከቡ ብርክት ዝበሉ ዜጋታት ዝተረኽብሉ ጽንብል፡ ብሃገራዊ ጣዕመ ዜማታት ዝተሰነየ ምንባሩ፡ እቲ ዝጽሓፍና ሓብሬታ ኣፍሊጡ።

# ኣፍዓበት - ኣዛዚ ፖሊስ ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ ንነበርቲ ኣስተምህሮ ሂቡ

ኣዛዚ ፖሊስ ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ ሌተናል ኮሎኔል ጅመዕ መሓመድ-ሰዒድ፡ ብ14 ግንቦት ንልዕሊ ሓደ ሽሕ ህዝቢ ከተማ ኣፍዓበት፡ ኣብ ተራ ህዝብን ኮማዊ ፖሊስን ኣብ ምክልኻል ገበንን ሓደጋታት ትራፊክን ዘተኩረ ኣስተምህሮ ሂቡ።

ኣብ 2025 ብደረጃ ዞባ ብዝተመዝገበ 422 ገበናት፡ 1,423 በደላትን 355 ሓደጋታት ትራፊክን - 14 ሞት፡ ልዕሊ 230 ኣካላዊ ማህሰይቲ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ንብረት ልዕሊ ኣሰታት 7.5 ሚልዮን ናቕፋ ዕንወት ከምዝወረደ፡ ሌተናል ኮሎኔል ጅመዕ ብዝወሃኾ ሓቢሩ።

ኣዛዚ መደበር ፖሊስ ን/ዞባ ኣፍዓበት ብወገኑ፡ ህዝቢ ንብረቱ ብጥንቃቐ ምስ ዝሕዝን ከባቢኡ ብግቡእ ምስ ዝከታተልን ገበን ንምክልኻል ከምዝከኣል ብምጥቃስ፡ ምስ ፖሊስ ዝኑብሮ ምትሕግጋዝ ከዕዝዝ ኣዘኻኺሩ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ሓደጋታት ትራፊክ ንምክልኻል ኣብ ጎደናታት ምልክታታት ብዝበዝሐ ክትከል፣ ሕግታት ትራፊክ ንዝጥሕሱ ግቡእ መቕጻዕቲ ክብየሎም፣ ሓደጋታት ንምንካይ ድማ፡ ቀጻልነት ዘለዎ ኣገልግሎት መኻዓዚያ ሓራት ክህሉ ተማሕጺኖም።

ብተመሳሳሊ፡ ቤት-ጽሕፈት ፖሊስ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ፡ ኣፍልጦ መንእሰያት ኣብ ሕጊ ብሓፈሻ ሕጊ ትራፊክ ድማ ብፍላይ ንምብራኽ፡ ንኣሰታት 2 ሽሕ ተመሃሮ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ከተማ ባጽዕ ኣስተምህሮ ወሂቡ።

ኣብ'ቲ ካብ 11 ክሳብ 13 ግንቦት ዝተኻየደ ኣስተምህሮ፡ ሓለፊ ምክልኻል ገበን ካፕቴን መሓሪ መብራህቱ፡ ኣብ ኣገዳስነት ሕጊ ከምኡ'ውን ንቑሕ ተራ ዜጋታት ኣብ ምክልኻል በደላትን ገበናትን መብርሂ ድሕሪ ምሃቡ፡ ተመሃሮ እወታዊ ኣረኣእያን ኣብነታዊ ኣካይዳን ንኽህልዎም ብውህደት ምስራሕ ከምዝድሊ ኣገንዚቡ።

# ኣቑርደት - ምርጫታት ኣመሓደርትን ኣካየድቲ ስራሕን ተኻዩዱ



ኣብ ንኡስ ዞባ ኣቑርደት፡ ካብ 23 ሚያዝያ ክሳብ 7 ግንቦት ምርጫታት ኣመሓደርቲ ከባቢን ኣካየድቲ ስራሕን ተኻዩዱ።

እቲ ኣብ 16 ምምሕዳራት ከባቢ ዝተኻየደ ምርጫታት፡ ኣብ ስራሕ ዝጸንሑ ንምትካእን ዝሓሸ ምምሕዳራዊ ኣገልግሎት ንምፍጣርን ከምዝነቐ፡ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ኣቑርደት ኣቶ ኢሳቕ ጥዑም ገሊጹ።

ዝተመርጹ ኣመሓደርትን ኣካየድቲ ስራሕን፡ ህዝብን መንግስትን ዘሰከሞም ሓላፍነት ተገንዚቦም ብዕቱብ ከገልግሉን ውዳብ ህዝቢ ንምሕያል ኣበርቲዖም ክሰርሑን ዘዘኻኸረ ኣቶ ኢሳቕ፡ እቲ ምርጫታት ኣካል ናይ'ቲ ምምሕዳራዊ ኣገልግሎታት ንምምሕያሽን ህዝቢ ኣብ ቀረባኡ ስሉጥን ጽፉፍን ኣገልግሎት ዝረኽበሉ ባይታ ንምፍጣርን ዝተኻየደ ምዃኑ'ውን ገሊጹ።

እቲ ምርጫታት፡ ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ ደረት፡ ኢንዳሪቶብ፡ ደገሰይ፡ ዓሊጥንያይ፡ ኢንገር፡ ዓደርደ፡ ሽሉብ፡ ገስጤ፡ ሰሊብ፡ ሓዋጉ፡ ወለትኣብርቅ፡ ካርሸሞላ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ወሸጢ ከተማ ኣቑርደት ኣብ ዝርከብ ኣርባዕተ ምምሕዳራት ከባቢ'ዩ ተኻዩዱ።

ኣብ'ቲ ምርጫ፡ ሓሙሽተ ደቀኣንስትዮ ማለት ሰለስተ ኣመሓደርቲን ክልተ ኣካየድቲ ስራሕን ከምእተመርጹ ተሓቢሩ።


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቁ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቁ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቁ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቁ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**

ቁ.ስ. 125013 - ቁ.ሳጶ. 1284


# ከረን - ቅነ ናጽነት ኣብያተ-ትምህርቲ ይካየድ ኣሎ

ኣብ ከተማ ከረን፡ ብምኽንያት መበል 35 ዓመት ጽንብል ናጽነት ኤርትራ፡ ቅነ ናጽነት ኣብያተ-ትምህርቲ ይካየድ ኣሎ።

እቲ ካብ 9 ክሳብ 19 ግንቦት ዝቐጽል ንጥፈታት፡ ትርጉምን ኣገዳስነትን ናጽነት ኣብ ተመሃሮ ንምስራጽ በቲ ሓደ፣ ባህላውን ስነ-ጥበባውን ዓቕሚታት ንምፍታሽን ንምምዕባል ድማ በቲ ካልእ ኣገዳሲ ከምዝኾነ ተሓቢሩ።

እቲ ዝቐርብ ዘሎ መሰናድኢታት፡ ስእላዊ ምርኢት፡ ድራማ፡ መዛሙር፡ ጥበባዊ ምንቅስቓስ (ክላስተኒክስ) ግጥምታትን ካልእን የጠቓልል።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ብኣሃዱ ባህሊ፡ ስፖርትን ጥዕናን ዝተዳለወ፡ ካብ መላእ ዞባ ዓንሰባ ዝተዋጽኡ ተመሃሮ ዝተሳተፍዎ፡ ኣብ ዜግነታዊ ትምህርትን ጥዕናን ዘተኩረ ውድድራት ሓፈሻዊ ፍልጠትን መደረን ከምእተኻየደ ተሓቢሩ።



ማርታ'ክብሮም

## ካብ ቃላት ሓምድ እድሪስ ዓዋተ

• ዝ ሓዊ ክድጉላ'የ፡ ደድሕረይ ዘንበድብዱዋ ክመጽኡ'የም፡ ንሳ ክትባረፅ'ያ፡ ንሳቶም ከኣ ክዕወቱ'የም።

• ሎሚ ኣዛቲት (ኣልቢን) ኣድማጺ ንፈለማ ግዜ ንሕናን ጉዳእትናን ገጽ-ንገጽ ተዋጊእናና። ድሕሪ ደጊም ኣብ ዓራት ምድቃስ የለን።

• ኣነ ጠልካ በለዐ ጸባኻ ሰትየ ክኸይድ'የ። ብድሕረይ ህንዱዳት ወተሃደራት መጺኦም ሓምድ ኣብ'ዚ ወዲሉ፡ ስለምንታይ መጊብኩዎ፡ ንምንታይከ ኢኻ ዘይትሓብረና እናበሉ ኣብ ቅድሚ ኣዒንቲ ደቅኻ ኪጋፍዑኻን ዓኺ ጠፍ ክብሉልካን'የም። ደቅኻ ዚ በደል ምስ ረኣዩ ኸኣ፡ ጸላኢኦም ከለልዩን ክስዕቡን'የም። ደገፍ ዝበልኩኻ ኸኣ ንሱ'ዩ። ቃልሰይ ክኣብ ዘዩቋረጸኩ'ምበኣር መንእሰይ ኤርትራ ብኸምዚ ዝገለጽኩልካ ይኸውን ካልእ ግፍዕታት ክኽተሉዊ'የም። ሰሲኽና ድማ ክንዕወት ኢና።



• ኣነ ተሰዊአ ማለት፡ እዚ ቃልሲ ሞይቱ ማለት ኣይኮነን። እንተ ሰሚርኩም ጸኒዕኩም ሰውራ ኣይጠፍእን'ዩ። ኣስላምዶ ክርስትያን ኣይትበሉ። ወላ'ኳ ኹትና ሃይማኖት እንተ ሃለወና፡ ሃገርና ሓንቲ'ያ። ኩልና ኸኣ ሓደ ኢና። ሎሚ ሰውራ መሪር'ዩ ዝምቅረሉ መዓልቲ ግን ክመጽእ'ዩ።

• እቲ ዝሓለፈ ናይ ሽፋቱ ስራሕ'ዩ። ሎሚ ግን ኣንጻር መግዛእቲ ንኹሉ ኤርትራዊ ዝምልከት ቃልሲ የድሊ'ሎ። ግዜ ሽፍትነት ሓሊፉ'ዩ። ነንሕድሕድና ምቅትታል ጉዲፍና ብሓባር ንጋደል። ሞት ኣይንፍራሕ፡ ምኽንቲ ሃገር ኣንስትኹም ፈቲሕኩም ክትሰዕቡኒ ሓሊል'ዩ። ንሃገርና ብደምናን ንዋትናን ናብ ዋናታታ ክንመልሳ ንዑናይ ተበገሱ፣ ኣይፋልና እንተ በልኩም ብረትኩም ሃቡኒ።

• ኣብደንኡ ኣነ ንኢትዮጵያ ኢደይ ካብ ዝሀብ፡ ሰማይን ምድርን ክጣበቕ ይቐልል።

ምንጪ፡ መጽሓፍ "ሓምድ ኢድሪስ ዓዋተ"

## ሕቶታት ናጽነት

1. ጸጊብኪዶ ወሻርያ ሰማቢ.
ጸጊበ እወ ስጋ ሰብ ገይረ መውዓሊ.
ጸጊብኪዶ ወሻርያ ዓዲ ሰጉዶ
ጸጊበ እወ ሓማሴናይ ዝሓረዶ
ጸጊብኪዶ ወሻርያ ናይ ፎርቶ
ጸጊበ እወ _______________ ደሓን

ይእቶ ተባሂሉ ዝተደርፈሉ ኤርትራዊ ሹመኛን ጅግናን መን'ዩ፧

2. ኣብ ሚያዝያ 1977 ብህዝባዊ ሰራዊት ሓራ ዝወጸት ከተማ መን ትብሃል፧

3. ኣብ ወርሒ ሚያዝያ 1991 ብወፍሪ ደንከል ሓራ ዝወጸ ክልተ ንኣሽቱ ከተማታት መን መን እየን፧

4. እዛ እትስዕብ ግጥሚ ካበየናይቲ ልቢ ወለድ መጽሓፍ ዝተወሰደት እያ፧
"ቋንቋና እምበር ወረድዎ መዓት በዚ ኖ፡ ቻው፡ እንድያሞ ይኣቱ ብዚይ ስርዓት በቲ መሸ፥ ከማን ይወርር ብዚይ ቅጽዓት፡ ታድያስ እባክህ ይስዕሰው ኣብ ሰዓት፡ ኣየንበሃንዶ ደቀይ መሪር ንበዓት"

5. "ጉዕዞ ናብ ኣስመራ" (Towards Asmara) ዘርእስታ መጽሓፍ ዝጸሓፈ ኣውስትራልያዊ መን ይበሃል፧

6. ድሕሪ ናጽነት ኤርትራ ቀዳማይ ናብ ኤርትራ ዝበጽሐ ዋና ጸሓፊ ውድብ ሕቡራት ሃገራት መን ይበሃል፧

7. ሳልሳይ ጉባኤ ህዝባዊ ግንባር ኣበይ ተኻይዱ፧

8. ኣብ 1970 ብሰራዊት ኢትዮጵያ ጃምላዊ ህልቂት ካብ ዝተፈጸመለን ዓድታት ክልተ ጥቐስ፧

9. ኣብ 1985 ደርግ ዘካየዶ 8ይ ወራር፡ እንታይ መጸውዒ ሂቡዎ ነይሩ፧

10. 21 ግንቦት 1984 ኣብ ታሪኽ ኤርትራ ብምንታይ ትዝከር፧
ሀ) ምድምሳስ ውቃው እዝ ለ) ምትሓዝ ተሰነይ ሐ) ምትሓዝ ባረንቱ መ) ስርሒት ኮማንዶ ህ.ግ. ኣብ መዕርፎ ነፈርቲ ኣስመራ

መልሲ.

1. ራእሲ ወልደሚካኤል ሰለሙን ኣብ ግጥም ከበቢ ኣስመራ ብራእሲ ባርያኡ ንዝምራሕ ሰራዊት ራእሲ ኣሉላ ናይ ትግራይ ድሕሪ ምስዓሩ ዝተደርፈሉ ደርፊ እዩ።
2. ኣፍዓበት
3. በየሉልን በርዓሶለን
4. ማርቆሳይ ወዲ ምስ ሕምባሻይ፡ ብኣብ ይሱሓቅ ጉብረያሱስ ዝተጻሕፈት።
5. ቶማስ ኬኒ.
6. ዶክተር ቡጥሩስ ቡጥሩስ ቃሊ፡ ቀቅድሚ ረፈረንደም ብ6 ጥሪ 1993
7. ኣብ ናቕፋ
8. ዖና፡ በስክዲራ፡ ገሉብ፡ ባልዋ
9. ወፍሪ ባሕረ-ነጋሽ
10. መ) ኮማንዶ ህ.ግ. 33 ነፈርቲ ውግእ ዘቃጸለሉ

## ዋዛ

ኣብ ግዜ ደርጊ'ዩ፡ ሓደ ኤርትራዊ ደርሆ ሓዚ ካብ ዓዱ ንኸተማ ክኣቱ ከሎ፡ በቲ ኣብ ፈቐድኡ ተተኺሉ ዝነበረ ብሎኮታት ተተፈቲሹ ይሓልፍ ነበረ። ኣብ ቀዳመይቲ ተፍትሽ ኑቲ ዓቢ ደርሆኡ ዝረኣየ ወተሃደር፡ ተገሪሙ ከምዚ ብምባል ሓተቶ፥

ወተሃደር፦ "ስማዕኒ ዚ ደርሆኻ እንታይ ስለ እትቕልቦ'ዩ ከምዚ ኢሉ ሰቢሑ ዘሎ፧"

ብዓል ደርሆ፦ "ዓተር ጠጢቐየ ዘብልዖ" በለ ብኹርዓት።

እንተኾነ እቲ ወተሃደር ብጸፍዒት ድሕሪ ምልዓድ፡ "ህዝቢ ኢትዮጵያ ብጥምየት ተወዲኡስ ንስኻ ንደርሆኻ ዓተር ክትቅልቦ ተራእዩካ!" ኢሉ ሃደዶ።

ኑታ ቐዳመይቲ ብሎኮ ብኸምዚ ሰጊሩ ኣብታ ካልኣይቲ'ውን ተመሳሳሊ ሽግር ኣጋጠሞ።

ካልእ ወተሃደር፦ "እንታይ ስለ ተብልዖ እዩ ደርሆኻ ሰቢሑ፧" ኢሉ ሓተቶ።

በታ ቀዳመይቲ ብሎኮ ለቢመ ኢሉ ስለ ዝሓሰበ፡ "ኢይ! ተረፈይ ቅጫ ፈትፊተ እየ ዘብልዖ" ኢሉ መለሰሉ።

"ህ! ህዝቢ ኢትዮጵያ ዝበልዖ ስኢኑ ንስኻ ንደርሆኻ ቅጫ ፍትፍት ምቕላብ ተራእዩካ" ኢሉ ካብቲ ቀዳማይ ዝበኣሰ ደረዖ።

ብዘጋጠሞ ግፍዒ እናማረረ ኣብ ሳልሳይ ብሎኮ ምስ በጽሐ፡ እታ መከረኛ ሕቶ ተሓተተ።

ኑብሱ ንክከላኸል ድሕር እናበለ፡ "ኣነ ወላ ሓደ ኣይቕልቦን'የ። ሰልዲ እህቦ፡ ናብ ቤት መግቢ ከይዱ፡ እንተደልዩ ፋታ፡ እንተደልዩ ፍሪታታ በሊዑ ይመጽእ፡ ኣነ ጉዳይ ኣየብለይን" በሎም ይበሃል።

## ካብ ኣገደስቲ ታሪኻውያን ዕለታት

• 23-25/04/1993 - ረፈረንደም ተኻዪዱ።

• 27/04/1993 - ውጽኢት ረፈረንደም ተገሊጹ።

• 04/05/1993 - ጥንዴራ ኤርትራ ኣብ ቤት ጽሕፈት ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ፡ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ተሰቒላ። ኤርትራ ከኣ መበል 52 ኣባል ናይቲ ውድብ ኮይና።

• 24/05/1993 - ኤርትራ ናጻን ልኣላዊትን ሃገር ከም ዝኾነት ብወግዒ ተገሊጹ።

• 28/05/1993 - ጥንዴራ ኤርትራ ኣብ ቤት ጽሕፈት ውድብ ሕቡራት ሃገራት - ኒውዮርክ ተሰቒላ። ኤርትራ ከኣ መበል 182 ኣባል ናይቲ ውድብ ኮይና።

• 08/06/1993 - ኤርትራ መበል 183 ኣባል ኣህጉራዊ ውድብ ዕዮ (ILO) ኮይና።

## ኣደይ ትጉሽተተይ

ጓል ጉዝውትና ኣደይ ትገሽተተይ፡ እዛ ሳን እዚኣ ከመይ ኢላ ከም ዝሰገበተን ኣዕለለትና፣ እቲ ዕላል እንሆ፡፡ ዕለቱ ዓርቢ 24 ግንቦት 1991 እዩ። ተጋደልቲ ብትዓይፍ ኣብሎም ይኣትው፡ ወተሃደራት ደርግ ድማ ብምዕራብ መንገዲ ከረን ይሃድሙ። ኣብ ጉዚይ በይነይ እየ ነይረ፡ ንምእታው ተጋደልቲ ብኣጋ ኣይሰማዕክዎምን። እዞም ንኣሽቱ ደቒ ደቀይ እየም ሓቢሮምኒ።

ሽዑ ኣቕሑ ገዛ እኳ ኣየልዓልኩን፡ ነዛ ነጸላይ ኣልዒለ ብጉያ ንደገ፡ 'ደቅና ሽዑ እንገራ ወይ እንግጠፅ በጸብጸ ዘይምምልኣይ ተጣዒሰኩ።

ቀጺለ ዕልልታይ ከየቋረጽኩ ናብቲ ራብዓይ ከይደ ክስዕም እንተበልኩ፡ ዕድል ምሃብ ከለኣሉኒ፡ "ሓሻላ ቀልበም ናብ ምርካብ ወተሃደራት እንደዩ ዘሎ" ዕልልታይ ቀጺልኩ።

"ዘይከምዝኣ እየ ደልየ . . .ከምዝኣ እየ" እናበልኩ ጎደና ጎደናም የኳድድ። ደሓር ወዮ ሓሙሻይ ብዓል ብረት፡ ረሃጹ እናደረዘ ሸቐርር ኢሉ - "ማማ እኛ እኮ ወተሃደሮች ነን" ምስ በለኒ ቅዝዘኩ።



እየም ኣሰዪ' እናበልኩ ሳእነይ ኣውጺአ ጸልልቲ ክመስል እናዓለልኩ በየን ኣብለ - ሽል እንዳ ዑቕባ ሃይለ ከም ዝበጽሕኩ ኣይተፈለጠንን። እቲ ከበቢ ጸምዩ ብምጽንሑ ቁሩብ ሰገኣ።

ሽዑ ሓሙሽተ ብረት ዝዓጠቑ ሰባት ተመራሪሖም ክመጽኡ ምስ ረኣኽዎም፡ ቀው ኢለ ጠሚተዮም ይቐርቡ ኣነ ኸኣ ናብኦም፡ ልበይ ዱብ ዱብ ኢላ ህርመታ ኣዛየደት።

ገሪመኒ "ናይ ብሓቂ ብዓይነይ ተጋደልቲ ክርኢ ደየ፡ ብሓቂ ደቅና ኣትዮም!" - ኣብ ማእከል ኣስመራ ናይ ታሕጓስ ሆይሆይታ ድምጺ ይሰምዓኒ ነይሩ።

ወዮም ሰብ ብረት፡ ካብይ ናይ ገለ ሓምሳ ሜትሮ ዝኸውን ርሕቀት ምስ በጽሑ፡ ሓጎሰይ ዘይገልጽ ኢለ 'ዕልልልል . . .' እናበልኩ ብዝላ ኑቲ መሪሕዎም ዝበረ ሓቚፈ ሰዒመዮ።

ንሱ ዋጋ ኣይሃበኒ ኑቲ ካልኣዩ ደገምክዎ፡ ንሱ እውን ከም ብጻዩ። ናብ ሳልሳይ ሰገረ ሰዒመ ኣብ ጸጉሩ ዝበረ ደርና ነቕኩሉ። 'ደኺምም ይኾኑ ወይ ኣነ ደቀይ' ድማ በልኩ ብልበይ።

የማነ ጸጋመይ እንተረኣኹ ጸው ኢሉ እዩ እቲ ከበበ፡ 'ጠፋእኩ!' ብምባል ዝጉበሮ ሓርበተኒ። ግዳ ኣይሓመቐኩን። ናብቲ ቀዳማይ ዝሰዓምክዎ ተመሊሰኩ እሞ፡ ኣይፈራራሕ ኣይተባዕ ኮይኑ "እዚ ወደይ ተጋዳላይ እየ ትገሽተተይ፡ ትገሽተተይ!" ኢለዮም - ካብኡ በብቑሩብ እናኣንሰሓበኩ ንድሕሪት። ክሳዕ ዝፍለዩ ግን ዓቕለይ ጸበብኒ ነይሩ።

'ናጽነት ክጸበ ነይረስ ኣብ መዓልቲ ናጽነት ክጠፍእ' እናበልኩ፡ ብቤት ትምህርቲ ጃልያ ገይረ ናብ ኮምፑሽታቶ እየ ዝምራሕኩ። ኣብኡ ናይ ልበይ ኣውጺኣ። ንፈለማ ግዜ ሽዓ ተጋደልቲ ርእየ! ሽዓ ደቀይ ሰዒመ ሰዓዲመ!

እንታይ እሞ ደቂ ጉዝውትና፡ ምኳንኢ ባዕለይ እየ ኸኣ - ዛ ናተይ ቅያ ባዕለይ ኣዕለለየም። ካብኣ ንደሓር፡ 'ኣደይ ትገሽተተይ' ኢሎምኒ። ስመይ ጠፊኡ። 'ኣሞይ ቀደሰ' ዝብለኒ ስኢኑ በቃ ዓቢኡ፡ ንኡሱ፡ ሰብኣዩ፡ ሰበይቱ. . . 'ኣደይ ትገሽተተይ' ገይሩዋ ስመይ።

ምንጪ. ጽሑፍ፡ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ - 22 ግንቦት 1999

## ጥቕስታት ናጽነት

• "ኩሉ ግዜ ናጻ ሓሰብቲ ንኹን፡ ኑየም ብጸቢብ ክፈርዱና ዝፍትኑ ሰባት ብዙሕ ኣይነቕልበሎም።" - ሸሪ ኣርጎቭ

• "ሕጅ፡ እቲ እንኮ እትውንኖ ቦታ ወሽጥኺ ጥራይ እዩ፡ ስለዚ ናጻ ኩኒ።" - ፋሲሪ አዝናር

• "ዝኾነ ሰብ ካብ ኣእምሮኡ ወጺኡ ክኩብር ኣይክእልን እዩ። ኩሉ ሰብ ናብዚ ዓለም ብዘይ መካላኸሊ ዋልታ እዩ መጺኡ። ኣእምሮ ግን እቲ ቀንዲ መለለዩ ወዲ ሰብ እዩ። እቲ መሰረታዊ ድሌት ፍጡራት ድማ ናጽነት እዩ።" - ኣይን ራንድ

• "ደረጃ ተንበርካኽነቱ ብዘዕገደሱ ንናጽነቱ ዕሽሽ ዝበል ሰብ ጊላ'ዩ።" - ኤች ኤል

• "እቶም ናጽነት ዘምጽኡልና፡ ናጽነት ምስጢር ናይ ሓጎስ ትብዖት ከኣ ምስጢር ናይ ናጽነት ምዃኑ ይኣምኑ ነይሮም።" - ሉዊስ ብራንደይስ

• "ናጽነት ንሃገራት ትንፋስ ናይ ህይወት እዩ።" - ጆርጅ በርናርድ ሸው

• "ናጽነት ኩሉ ግዜ ካብ ዋናታታ ኢያ እትመጽእ፡ ታሪኽ ናጽነት ከኣ ታሪኽ ተጻዋርነት እዩ።" - ዊድሮው ዊልሰን

# ጕይታ 4 - ኪሎ

መኰንን ኪዳነ
(2ይ መወዳእታን ክፋል)

*እዚ ጽሑፍዚ ስዉእ ደራሲ መኰንን ኪዳን (ሞገይ)፡ ሓደ እዋን ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ኣቕሪብዎ ዝነበረ ከይኑ፡ ታሪኽ ጅግንነት ኤርትራውያን ንምዝኽኻር፡ ብኢጋጥሚ ጽንብል ናጽነት ኤርትራ ደጊሙ ዝቐርብ ዘሎ ምዃኑ ንሕብር።*

ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ጽሑፍዚ መራሕ ሓይሊ ናይታ ምስ ብኣሃዱታት ህውላት ተሰንያ፡ ንቤተመንግስቲ 4 ኪሎ ከተጥቕዕ ዝተመደበት ታንከኛ ኣሃዱ፡ ዘርእዝጊ ዳዊት (ገናወና)፡ ወጋሕታ ሰዓት 4 ኣብ ከባቢ ናይ'ቲ ቤተ መንግስቲ ምስ በጽሑ፡ ደሊወቶት ናይቶም ንቤተ መንግስቲ 4 ኪሎ ዝሕልዉ ዝነበሩ ፍሉያት ሓይልታትን ንምፍላጥን ብኸመይ መገዲ ክኣትዉ ይኽእሉን ንምውሳንን ናብቲ ኣፍደገ ናይቲ ቀጽሪ ኣብ ዝቐረቡሉ፡ ኣብ ከባቢ'ቲ ኣፍደገ ሓደ ዲፕሎማት ምስ መኪናኡ ጸኒሑዎም፡ ካብታ መኪና ከም ዘውረድዎ፡ ከምኡ'ውን ሓደ ቀሺ፡ ኣብ ቀጽሪ እቲ ቤተ መንግስቲ ንእትርከብ ቤተክርስያትን ክኸፍት ዝመጸ ጉፍ ኢሉዎም፡ ስርሒቶም ከየፍሽለሎም ንክልቲኦም ከም ዝሓዙዎም ኣንቢብና ነይርና። መቐጸልታኡ ይስዕብ፦

ኣብቲ ግዜ'ቲ መራሒ ስርዓት ደርግ መንግስቱ ሃይለማርያም ሃዲሙ፡ ሰራዊት እዝን ቀጻጽርን ኣጢፊኡ፡ ገለኡ ግንባራት እናረጥረጠ ናብ ማእከል ኣዲስ ኣበባ ይኣቱ፡ ገለኡ ድማ እግሩ ናብ ዝመርሖ ኣንፈት ይብታተን እዩ ነይሩ። ምስቲ ኩሉ ኣብታ ከተማ ብዘተፈላለየ ኣንፈት ክሰማዕ ዝሓደረ ተኹሲ፡ እተን ኣብ ቤተ መንግስቲ ዝነበራ ታንክታት፡ ወግእ ክገጥማ ዝተዳለዋ ይመስላ ኣይነበራን። ዘርእዝጊ ኩነታት ናይተን ታንክታት ድሕሪ ምፅዛቡ፡ ብወዲ ዘለቀ እትምራሕ፡ መድፍዓጂ ዑመር፡ ከምኡ'ውን መላእ ቦምባ ሸሻይ ዝነበሩዋ ሓንቲ ታንክ ሐዙ ራብዓይ ርእሱ ንቐድሚት ብምሕላፍ፡ ናብ ቀጽሪ ናይ'ቲ ቤተ መንግስቲ ተደቒደቐ። እተን ካልኦት ሰለስተ ታንክታት ድማ ካብኡቶም ቁሩብ ድሕር ኢለን ደድሕሪኦም ከም ዝስዕባ ገበረ። እዛ ቀዳመይቲ ታንክ ናብቲ ቀጽሪ ቤተ መንግስቲ ክትኣቱ ከሎ፡ ውሑዳት ወተሃደራት፡ ካብ መደቀሲኦም ተንሲኦም መናጸፎም ይዓጽፉ ነበሩ። ብዓል ዘርእዝጊ ግዲ ኣይገበሩሎምን።

"ማን ነህ" ኣድመጸ ኣብ መንጎ'ተን ታንክታት ኣብ ሓለዋ ዝጸንሐ ወተሃደር።

"የወገን ጦር ነን" (ናይ ወገን ሰራዊት ኢና) በሎ ብድፍረት፡ እቲ ካብ ታንኩ ዘለሉ ዝወረደ ተባዕ ዘርእዝጊ። ኣብ ኢትዮጵያ ነዊሕ ዓመታት ስለ ዝሰርሐ ኣምሓርኛኡ ንሰማዒ ዘጠራጥር ኣይነበረን። ሸጉጡ ኣዐንቂሩ፡ ሹዳኡ ከይርኣየ፡ ብፈስቶ ኑዳዲ ናይታ ታንኪ ተኸዊሉ፡ ናብቲ ወተሃደር ድሕሪ ምቕራብ ከኣ፡ ኢዱ ዘርጊሑ "ሰላም፡ እንደምን ኣደርክ" በሎ።

"ሰንተኛ ሻለቃ" (ኣየናይ ሻለቃ) ሓተቶ እቲ ወተሃደር ንምርግጋጽ።

ዘርእዝጊ እንታይ ኢሉ ከምዝምልሰሉ ጠፊኡዎ ንግዜኡ ተዋጠረ። ኣብታ ለይቲ ካብ ሰንዳፋ ልዕሊ 40 ኪሎ ሜተር ተጓዒዞም ስለ ዝመጹ፡ ብዝዕብ'ተን ኣብ ቤተ መንግስቲ ኣዲስ ኣበባ ዝነበራ ኢጋር ኣሃዱታትን ታንከኛታትን ደርግ ውዳበን መጸውዒን ዝኾነ ሓበሬታ ኣይነበሮን።

"ሰንተኛ ሻለቃ ናችሁ ነው የምልህ" (ኣየናይ ሻለቃ ኢኹም'የ ዝብለካ ዘለኹ) ግርጭ ኢሉ፡ ኑታ ሕቶ ደጊሙ እቲ ወተሃደር፡ ብረቱ እናወጣወጠ ክትክትስ እናተደናደነ።

"ኣንተ ሰወየ እንዳትተኩስ! . . .ተኩስ ኣቀም ተብሏል የለ እንዴ . . . እንዳትተኩስ! " (ኣታ ሰብኣይ ከይትትኩስ! ተኹሲ ደው ኣብል ኣይተበሃልካን ዲኻ) ዘርእዝጊ ኢጋወላ ናይቲ ወተሃደር ምስ ረኣየ፡ ሕቶ ዝተሓወሶ መጠንቀቕታ ሃበ። ነቲ ቀድሚ ሳልስቲ ድሕሪ መንግስቱ ሃይለማርያም፡ ስልጣን ኣፍደገ መቓብር ዝተቐበለ ጀነራል ተሰፋዬ ገብረኪዳን ዘመሓላለፎ መልእኽቲ'ዩ ብሃንደበት ዘኪሩዎ። እቲ ወተሃደር ነቲ ብሬድዮ ዝተቓልሐ ሓድሽ ተተካኢ ፕረዚደንት ዘቕረቦ በይናዊ ተኹሲ ደው ናይ ምግባል ውሳኔ ሰሚዑዎ ክኸውን ይኽእል፡ ከይከውን ይኽእል። ዘርእዝጊ ሰሚዑዎ ክኸውን ተተስፈወ።

ኢጋወላ ናይቲ ወተሃደር ዘይተፈቶዎ ዘርእዝጊ፡ ናብ ታንኩ ምልስ ኢሉ ሃንደ ሰት ሬድዮኡ ኣልዒሉ "ተበገሱ!" በሎም፡ ኑቶም ኣብ ተጠንቀቕ ድሕሪት ዝገደፎም ሰለስተ ታንክታት ዝዓጠቑ ብጾቱ። ብዮማናይ ኢዱ ሸጉጡ ዓቲሩ ግልብጥ ክብል ከሎ፡ ብኣዕሲ ሓደ ካልእ ወተሃደር ናብኡ ገጹ ክመጽእ ረኣየ።

"ሻለቃ!" ኢሉ ተዳህዮ እቲ ወተሃደር፡ እቲ ዘገጠመ ምእንቲ ከየገር ክቐርቦ ስለ ዝደለየ።

"ሻለቃ" እትብል ቃል ዝሰምዐ ዘርእዝጊ፡ እቲ ዝመጽእ ዘሎ ወተሃደር ኣዛዚ ምዃኑ ተረድኦ። ምስቲ ሻለቃ'ውን ምውቕ ሰላምታ ተለዋወጡ። ኢደ ንኢድ ተጨባበጡ።

"ሰንተኛ ሻለቃ ነህ" (ኣየናይ ሻለቃ ኢኻ) እቲ ሻለቃ ኑታ ዘርእዝጊ ዘይፈተዋ ሕቶ ናይቲ ወተሃደር ደገማ።

ዘርእዝጊ (ጌ) ከም ዘይሰምዖ መሲሉ፡ ብገጺ ናይታ ታንኪ ተንቀሳቐሰ።

"ሞተር ኣጥፉ እንድንግባባ!" (ክንረዳዳእ ሞተረ ኣጥፍኡ!) በሎ እቲ ሻለቃ ብሓውሲ ትእዛዝ፡ ናቶም ታንክ ስለ ዝመሰሎ።

ሞተረ እንተጠፊኡ ነገር ተበላሸየ ማለት'ያ። ዘርእዝጊ፡ ከም ዘይትርኢ ገይሩ ብዮማይቲ ኢዱ ንዝዮተራ ሸጉጡ ምስ ነበሱ ብምጽጋዕ፡ ኣጻብዕቱ ኣብ ቃታ ኣእትዩ ናብ ታንኩ ገጹ ተጠውየ።

ብድሕሪ ብዓል ዘርእዝጊ ኣብ ኣፍደገ ናይቲ ቀጽሪ ዝጸንሐት ብዓል ገዛኢ ሰለሞን ዝነበሩዋ ታንኪ እናሓምሓመት ጠበቕ በለት። እቲ ዋርድያን እቲ ሻለቃን ተጠራጠሩ።

"ሞተር ኣጥፉ ነው የምልህ!" (ሞተረ ኣጥፍእ እየ ዝብለካ ዘለኹ!) እንታይ ከም ዝተሓሰበ ዘይፈለጠ ሻለቃ ክንድር ጀመረ። ግልብጥ ኢሉ ድማ ናብታ ብዓል ገዛኢ ዝነበሩዋ ታንኪ ከደ።

"እቲ ሓደ ኣብዩና እዩ። ንሰኻ ከኣ ካብዛ ታንኪ ከይትወርድ እንግረካ ኣለኹ!" በሎ ነገራቱ ጋን ዝኾኖ ሻለቃ። ንገዛኢ ብትግርኛ ክዛረብ ስለዘሰምዖ ኣመና ሰንቢዱ እዩ። ምስቲ ዋርድያን ኣብ ከባቢኡ ዝነበሩ ወተሃደራትን ብሰንኪ ድምጺ ሞተረ ታንክታት፡ ፍረ ነገሩ ናይቶም ታንከኛታት ተጋደልቲ ዘይሰምዑዎ ተዘራረቡ።

ገለ ካብኦም ድምጺ ሞተረ ታንክታትን ዘርርብ ሰቦትን ዝሰምዑ፡ ደቂሶም ዝነበሩ ወተሃደራት፡ ብድድ ብድድ ክብሉ ጀመሩ። ፍሉይ ወተሃደራዊ ልብሲ ዝተኸደኑ ምንባሮምን ግዝፎምን ዝረኣዮም ዘርእዝጊ፡ ካብቶም ብፍሉይ ክኽእሉ ዝተሓዙ ሓለዋ ናይ ቤት-መንግስቲ ኣራት ኪሎ ምዃኖም ገመተ። ድሮ 30 ዝኾኑ እግረኛ ወተሃደራት ተንሲኦም ናብኦቶም ገጾም ወረር ወረር ክብሉ ጀመሩ። "ሓሞሳ ታንክታት ዓጢቖም ንኸጥቕዑ ዝተዳለዉ ወተሃደራት ብሰላም ዕጥቆም ፈቲሖም ክማረኹ ይኽእሉ እዮም" ዝብል ሓሳብ ዘይነበሮም ታንከኛታት ህዝባዊ ግንባር ኣይተዳህለሉን። ኣእዳዎም ኣብ ቃታ ኣቐሚጦም፡ ሞተረ ታንክታቶም እናናረሱ ክጠሓሓኑ ተዳለዉ።

ልክዕ ኣብታ እዋን'ቲኣ ካብ ማእከል ከተማ፡ ካብ ቀረባ ርሕቀት ናይ ረሻሽ ተኹሲ ተሰምዐ። ውሑዳት ጢያይት እየን። ኩሎም ኣብ እግሪ ታንክታቶምን ኣብ ኩሉ ሸነኻት ቀጽሪ ቤት-መንግስቲ ኣራት ኪሎን ደቂሶም ዝነበሩ ወተሃደራት፡ ብድምጺ ተኹሲ ረሻሽ ተበራቢሮም ተንስኡ። ብኡ ንብኡ፡ ሓንቲ ታንኪ ብውሽጢ ቤት-መንግስቲ ብፍህሪ ተቐልቀለት። ዘርእዝጊ ዘለሉ ናብ ታንኩ ኣትዩ ትሮት ዓጸወ፡ ንመድፍዓጂ ዑመር "በል!" በሎ ብዓውታ።

ምስ'ር ተኳሳይ ዑመር፡ ኑታ 10 ሜትሮ ኣቢላ ቀሪቦቶም ዝነበረት ታንኪ ጸላኢ ንምህራም፡ ርሕቀት ምዕቃን ዘድልዮ ኣይነበረን። ኣነጻጺሩ ቦምቡኡ ፈነወ። እታ ታንኪ "ሃል!" በለት። ብርቱዕ ባርዕን ድምጺ ናይ ዝተተኮሱ ቦምባታትን ንቲ ከባቢ ኣናወጾ። ኩሎም ኣብቲ ከባቢ ዝነበሩ ወተሃደራት ብጃላዩት ናይቲ ቦምባ ተረፍተተ። ኣውያት፡ ዕግርግር፡ ትኪ፡ ሃልሃልታ ... ኣራት ኪሎ ተናወጸት።

ታንከኛታትና ካልኣይቲ ቦምባ ሰደዱ። ኑቶም ወተሃደራት ለኪማ ኣብ መኸዘን ኣጻዋር ዓለበት። ቤት-መንግስቲ ናብ እቶን ተቐየረ። እቲ ዝተባርዐ ቦምባታትን ጢያይትን ዘሰምዖ ድምጽን ዘኸተሎ ባርዕን ካብኡ ብዘጸዋር ጃላዩት ዝቐዘፉ ወተሃደራት፡ ታንክታቶም ጉዱፎም ዝሃደሙ፡ ኣብ ታንክታቶም ደፊኦም ዝዕቁቡ...ወዘ. ገደዱ።

ብውሽጢ ቤት-መንግስቲ ሓንቲ T-62 ዝዓይነታ ካልኣይቲ ታንኪ ዝሓዙ ታንከኛታት ደርግ፡ ሻምብቆኦም ኣቕኒዖም ናብ ብዓል ዘርእዝጊ እናተሓምሙ መጹ። ታንኪ ክትቅልቀልን መድፍዓጂ ዑመር፡ ዝረገደ ድርዒ ታንኪ ናብ ጭቃ ዝቕየር፡ ናይ 3,000 ዲግሪ ሰንቲግረይድ ዋዒ ዘለዎ ኣንኳሊ ቦምባ ሰደዱ፡ ክዋእዮማን ሓደ ኮነ። ኣብ ክልተ ተመቲራ መኸኸት። ኣብ ውሽጣ ዝነበሩ ወተሃደራት ከም ቋንጣ ሓረሩ። ቤተ መንግስቲ ናብ መጋርያ ተቐየረት። ታንከኛታት ሻዕብያ ሸዱሽተ ቦምባታት ምስ ተኩሱ፡ ድሮ ናይ ስዕረት መንፈስ ሓዲሩዎም ዝነበረ ታንከኛታትን ኢጋርን ወተሃደራት ደርግ ነገራቱ ጋን ኮይኑዎም ኣእዳዎም ሓፍ ክብሉ ጀመሩ።

ድሕሪዚ ኩነት'ዚ፡ ዘርእዝጊ ዝመርሖም ታንከኛታት ህዝባዊ ግንባር፡ ምስቲ ዘሰዕቦም ኣሃዱታት ህውላት ብሓባር፡ ንቤተ መንግስቲ ኣራት ኪሎ ብምሉኡ ተቘጻጸሩዎ። ንስርዓት ደርግን ሰራዊቱን ሓንሳብን ንሓዋሩን ካብ ቀጽሪ ቤተ መንግስቲ ኣራት ኪሎ ፈንቀሉዎም። ጅግና ብጻይ ዘርእዝጊ ዝመርሖም ምዑታት ታንከኛታት ብርጌድ 23 መካናይዝድ ክፍለሰራዊት 74።

ሓንቲ ካብተን ዝርሞኺ ዕላላት ዘርእዝጊ (ጌ)፡ ኣብቲ እዋን'ቲ ዝምገርኩዋ ናይ ሓደ ወጽኣተኛ ካሜራ እያ። ኣብ ውሽጢ ሓንቲ ካብተን ኣብ ውሽጢ ቤት-መንግስቲ ኣዲመን ከለዋ ብድፍረት ጌን ብጾቱን ኣህሚሎም ዝማረኹወን ታንክታት ጸላኢ እያ ጸኒሓቶም። እቲ 50 ታንክታት ዝዓጠቐ መካናይዝድ ብርጌድ ደርግ፡ ብድሮ ናብ ውሽጢ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ኣትዩ ንብረትን ገዛዉቲን ህዝቢ ክዘምት'ዩ ወዒሉ። ንብረት ህዝቢ እናዝረፉ እንክለው፡ ኣብታ ከተማ ካብ ዝነበሩ ወጽኣተኛታት፡ ሓደ ኣመሪካዊ ጋዜጠኛ ብዋዒሕ ዘም ክሰእሎም ረኣዮም። ወተሃደራት ከመጽኡዎ ዝተዓዘበ ሰኣላይ ወጽኣተኛ፡ ካሜራኡ ደርብዩሎም ሃደመ። ኑታ ካሜራ ምስ ረኸቡ ኣይሰዓብዎን። ብዓል ዘርእዝጊ ኣብ ቀጽሪ ኣራት ኪሎ ምስ ኣተዉ፡ ካሜራ ናይቲ ወጽኣተኛ ኣብ ሓንቲ ካብተን ዝማረኹወን 50 ታንክታት ጸንሓቶም። እቶም ታንከኛታት ተጋደልቲ ነቲ ካብታ ዝኣተወላ ዕለት ኣትሒዙ ምስኣም ዝሰኣል ዝነበረ ናይ በበሲ ጋዜጠኛ መሓመድ ኣሚን ናይ መን ምዃና ከለልያ ሓቲቶሞ። ናይቲ ኣመሪካዊ ጋዜጠኛ ምዃና ምስ ሓበሮም ከህቦ ኣረከብዎ።

"ዝማረኽኩማ ንብረት ንስራሕኩም እንተ ተጠቐምኩምላ እንታይ ነይሩዎ" ቀዳመይቲ መዓልቲ ምስ ኣዕለለኒ ሓቲተዮ ነይረ ንዘርእዝጊ ዳዊት (ገናወና)።

"እታ ዝዓበናላ ዘይናትካ ዘይምድላይ ባህሊ"ኸ" ዘርእዝጊ ነዛ ቃል'ዝኣ ኣብ ድሮ ዕለተ-ማስዋእቱ ኣብ ዝየደናዮ ቃለ-መጠይቕ ኢሉዋ። ንሕቶይ በቲ ረዚን ክብሪ ሕብረተሰብ ኤርትራ መለሰለይ።


እዚ ዘቕረብኩልኩም ዕላል ካብ ኣፍ ብዓል ውዕሎ ዝሰማዕኩዎ እዩ። ሓደ ኣዝዩ ንእሽቶ ክፋል ካብ ውዕሎታት ኣብ ሰግረ-ደባዊ ስርሒታት ዝተሳተፉ ጀጋኑ ተጋደልቲ ድማ እዩ። እቲ ዝሰፍሐ ታሪኽ ናይቲ ሰግረ-ደባዊ ወፍሪ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ መዋፍርቲ ዘርእዝጊ ዝነበሩ ብሰፊሑ ክዘንትዉዎ ንትስፎ።




## ሎሚ ኣብ ERI-TV

ሰንበት17/05/2026

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ፊዮሪና |
| 09:45 | ቤት/ትምህርቲ ደንደ |
| 10:15 | መደብ እቲ ዓቢ ዛንታ |
| 11:00 | መደብ ማእገር |
| 13:00 | ዶክተራት ኣብ ስትድዮ (ቀጥታ) |
| 13:40 | ቀስተ ድሕነት |
| 14:00 | መደብ ሞዛይክ |
| 16:30 | እንዳ ዝማም |
| 17:05 | ፍረ ጻዕሪ |
| 17:30 | መደብ ፈንቅል |
| 18:10 | ካብ መዛግብ ታሪኽ (ንኡስ ግን ልዕለ-ተኣምር) 4ይ ክፋል |
| 18:50 | መደብ ሙዚቃ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | እትመት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | መደብ ቡያ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |



# ካብ ታሪኽ ሰውራና



መሓመድ እድሪስ

## ሓኪይምን ተሓኪምትን ሰውራ

ሻድሻይ ክፋል

ኣብ ዝሓለፈ ክፋላት፡ እቲ ኣሃዱ መጥባሕቲ ዝተበገሰሉ ፈላሚ መሳርሒታት ሕክምና እንታይ ከም ዝነበረ ርኢና ነይርና። እቶም ሓኪይም ድማ፡ ነዚ መሳርሒታት'ዚ ከይሃዩ ብዘለዎም ዝኸኣለሎም ክጥቀሙሉ ብተወፋይነት ተበገሶም። ነቲ ካብ ዓውደ ኲናት ብብረላ ተጺዩሩ ናብቲ ኣሃዱ መጥባሕቲ ዝመጸ ውጉእ ድማ፡ ኩሉ ምቕርራብ ገይሮም መጥባሕቲ ክገብሩሉ ተዳለዉ። ነቲ ውጉእ ኣካላቱ ከደንዝዙዎ ድማ፡ ዳርጋ ፍርቂ ሰዓታት ከም ዝወሰደሎም ይፍለጥ። ድሕሪ እዚ 'ኼ፤

እቶም ሓኪይም፡ እቲ ወጉእ ምስ ደንዘዘ፡ ብቐጥታ ስርሖም ጀመሩ። ከብዱ ምስ ተኸፍተ፡ ኣብኡ ካብ ዝጸንሐ ብሰዓት መዓናጡ ናብ ቀፎ ከብዱ ዝፈሰሰ ትሕዝቶ መዓናጡን ደምን ዳርጋ ክልተ ሊትሮ ዝኸውን ኣልገሱሉ፤ መዓናጡን ካልኦት ውሽጣዊ ኣካላትን ከም ጽሉም ከብዱ፡ ሳልሸ ቆስጡ ኩሊት ወዘተ ብዮዝቱእ ተመርመሩ፤ ኣብ ቀጢን መዓንጣ ዝበሩ ሓሙሽተ ብሰዓት ተሰፍዩ፡ ናውቲ ከብዱን ቀፎ ከብዱን ብንብር ማይ-ጨው ተሓጺቡ፡ መዝሬፊ ሻምብቆ (ድረይኔጅ ትዩብ) ኣብ ታሕተዋይ የማናይ ሸነኽ ከብዱ፡ ቀፎ ከብዲ ንምዝፋፍ ተሰኺዓሉ፤ ኣብ መወዳእታ ድማ መንደቕ ከብዱ ተዓጽወ። ከብዱ ተኸፊቱ ክሳዕ ዝዕጾ ዳርጋ ሰለስተ ሰዓታት ወሰደሎም።

ዶክተር ተኸስተ ፍቓዱ ነዚ ኩብርህ ከሎ፡ "ኣብዚ መጥባሕቲ'ዚ፡ ክሳዕ ሕጂ ክርስዖን ዘይከኣልኩ ኣብ እዋን'ቲ መጥባሕቲ ክልተ ጸገማት ነይረን። እታ ቀዳመይቲ፡ እቲ ውጉእ መጥባሕቲ እናኣቶደናሉ እንከሎና ጸጸኒሑን ደጋጊሙን ይብራብር ነይሩ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ምብርባር ድማ ጸገማት ይፈጥረልና ስለ ዝነበረ፡ ከም ብሓድሽ ክሳብ ዝድቅስ ንገለ ክልተ ወይ ሰለስተ ደቓይቕ ደው ክንብል ንግደድ ነይርና።

እዚ ጸገም'ዚ ካብቲ እንጥቀመሉ ዝነበርና መደንዘዚን ኣወሃህባኡን ዝተበገሰ ኮይኑ፡ ጸኒሕና ንህቦ ስለ ዝነበርና እዩ። እቲ ካልኣይ ጸገም ድማ ከብዱ እናዓጸናዮ እንከለና ዘጋጠመና'ዩ። ኬታሚን ንጭዋዳታት ዘለስልስ ባህሪ ብዘይ ምህላዉ፡ መንደቕ ከብዱ ጠሪው ኢሉ ተገቲሩ ምቕርራብ ኣበዩ። ምስኡ ንጭዋዳታት ዘለስልሱ መድሃኒት ክንህቦ ነይሩና። እዚ ድማ ሞያዊ ኣደንዛዚ ኣብ ዘይብሉ ሓደገኛ እዩ፡ ስለዚ፡ እቲ ዝነበረና ኣማራጺ፡ በቲ ሒዝናዮ ዝነበርና ምቕጻል ጥራይ እዩ ነይሩ። 'ብዘለካ ዝኾኣልካ ግበር' ብምባል ነቲ ዘጋጥሞም ዝነበረ ጸገማት ይገልጽ።

ሽዑ እዋን እቶም ዝለዓለ መዓርግ ሕክምና ዝነበሮም ተጋዳላይ ዶክተር ተኸስተ ፍቓዱ፡ ተጋዳሊት ብርሃና ድማ ገና ነርስ'ኳ እንተነበረት፡ በቲ መትከል ህዝባዊ ሓይልታት ተመሪሓ ዝኾኣላ ካብ ምግባር ድሕር ኣይበለትን። ኣብ ጎድኒ ዶክተር ተኸስተ ኮይና ድማ ኩሉ ዝኾኣላ ትገብር ነበረት። ናይ ሎሚ ዶክተር ብርሃና ንድሕሪት ተመሊሳ እንክትዝክር፡ ኣብቲ ኣብ 1976 ኣብ ግንባር ኩናት ዝዋገር ዝነበረ ግጥምን ኣብኡ ዝተወግኡ ተጋደልትን ክትሕክም ምስ ጀመረት'ያ፡ ኣብቲ መስተንክራዊ፡ ፈላምን ዕውትን መጥባሕቲ፡ ናይቲ ከብዱ ዝተወግአን መዓናጡኡ ዝተዘልዘለን ተጋዳላይ ተኸስተ ማስፍን ዝተሳተፈት። ብርሃና ኣብቲ 'ተመኩሮ ደቂ ኣንስትዮ' ዝብል መጽሓፋ፡ ብዛዕባ እቲ መጥባሕቲ ክትዛረብ ከላ ከምዚ ትወስኽ፦

እቶም ሓኪይም ከይተሓለሉ ነቲ ውጉእ ድሕሪ ምድንዛዝ ቀፎ ከብዱ ከፈቱሉ፤ ገለ ላምፓዲና የብርህ፡ ገለ ድማ ይጡብሖ፤ ሽዑ ነቲ ዝተጠብሐ መዓናጡ እናጎማጠሉ ከለዉ፡ ኣብቲ መዓናጡ ሓሳኺ ፈለኽለኽ ክብሉ ጸንሕዎም። ዶክተር ብርሃና ሽዑ ከምዚ ዓይነት ሓሳኺ ኣብ ውሽጢ መዓናጡ ወዲ ሰብ ኢጋጢምዋ ስለ ዘይትፈልጥ ሰንበደት። ከምዚ ሓሳኺ ኣብ ዝሞተ ሬሳታት ጥራይ እዩ ዝርአ እምበር፡ ኣብ ብህይወቱ ዘሎ ሰብ ብኸምዚ ሓሳኺ ክውረስ ገረማ። ሰጋእ ድማ በለት።

ሽዑ ነዚ ዝረኣየ ዶክተር ተኸስተ ብዙሕ ከይተሻቐለ፡ ከምዚ'ውን ኪጋጥም ከም ዝኽእል በቲ ዝተመሃሮ ትምህርቲ ሕክምና ይፈልጥ ስለ ዝነበረ፡ ንብርሃና ከህድእ ክብል "ኣሰካሪስ እዩም። ባልዕ መዓንጣ ጕንደራን እዮም" ብምባል ከምኡ ዓይነት ተርእዮ ንብር ምኳኑ ገለጻላ።

ንሳ ተጸዪና፡ ዶክተር ተኸስተ ግን ኣኣርዩ ካብቲ መዓናጡ ኣውጽኦም። "ምስ ከብቲ ኣብ ውሕጅ ተሰሪዐካ እናስተኻ ደኣ እንታይ ደሊኻ፧" በለ ጠንቂ ናይቶም ሓሳኺ ከብርሃላ። እቶም ሓኪይም ሰውራ ነቲ ብመውጋእቲ ዝተኸፍተ መዓንጣ ክሰፍዩ ዝሓሰቡ፡ ጕንደራን ኣርዮም ክሳብ ዘጽርዩ ተወሳኺ ስራሕ ኮኖም። እቲ ውጉእ ዘዘበልዖ ዝቃጸጹ ሓሳኺ መዓንጣ'ውን ተራገፍምሉ፤ ዝተኸፍተ መዓናጡኡ ብኣጋ ረድኤት ረኸቡ ድማ ደሓነ።

ካብኡ ጀሚሩ እታ መሸፈኒ ቴንዳ ዘይነበራ ብዘለዎም ዝተኸሉዋ ኦኣር (ክፍሊ መጥባሕቲ) ተኣምር ክስርሓላ ጀመረ። ምስ ግዜ ድማ ሓይልታት ካብ ግንባር መጺኦም ህድሞ ብምስራሕ ዘዘርኸቡዎ ቴንዳን ኣድላዪ ዝበሉዎ ንብረትን ኣማሊኦምሎም።

"ክሳብ ምሕራር ናቕፋ ንገለ ኣዋርሕ እቲ ናይ መጥባሕቲ መስርሕ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ምዕባለ እናርኣየ ብኸምኡ ቀጸለ።" ክትብል ዶክተር ብርሃና'ውን ብወገና ብዛዕባ እቲ ውልዶ ኣሃዱ መጥባሕቲ ህዝባዊ ሓይልታት ትገልጽ።

እቲ መስተንክራዊ መጥባሕቲ ዝተኻየደሉን ክሳብ ሎሚ ቃልሱ ዝቐጽል ዘሎን ወዲ ማስፍን ብዛዕባ ተወፋይነት ናይቶም ዘድሓኑዎ ሓኪይም ሰውራ ክዛረብ ከሎ ከምዚ ይብል፦ "ሓኪይም ህዝባዊ ግንባር ደኺምና፡ ሰልኪዩና ከዕርፍ ከይበሉ፡ ንዝተወግኣ ተጋዳላይ ይሕክሙን የሕውዩን ነይሮም። ሞያዊ ክእለት እናሃለዎም ሰኣን መሳርሒታት ሕክምና ብዙሕ ተጋዳላይ ክሰዋእ ዝኽእል'ኳ እንተ ነበረ፡ ሓኪይም ሰውራ ብጥበበ'ዮም ህይወት ብዙሓት ብጾቶም ዘድሓኑ ነይሮም።

በዚ ምኽንያት'ዚ፡ መስተንክራዊ ታሪኽ ሓኪይምና ክጽሓፈሉን ክዘንተወሉን ዝግባእ ቅዱስ ተግባር'ዩ። ኩሉ ተጋዳላይ መዓናጡኡ ዝተበትበተ፡ መንጋጋኡ ዝፈረሰ ሰብ ዝሓዊ ኮይኑ ኣይሰመዖን ነይሩ። ብሰላ'ቶም ወፋያትን ሓያላትን ሓኪይምና ግን፡ ከቢድ መውጋእቲ ዘጋጠሞ ተጋዳላይ ክትኣምኖ ብዘጸገም መንገዲ ይሓዊ ነበረ። ኣነ ንባዕለይ ኣብ ሰውራ ኤርትራ ቀዳማይ ካብ ናይ ከቢድ መውጋእቲ ዝሓወኹ ብምኳነይ እሕበን።

ተጋዳላይ ተኸስተ ማስፍን "ኣብ ግንባር ናቕፋ ልዕሊ ሓደ ወርሒ ረድኤት ምስ ተገበረለይ ኣብ ሰበር ቀጠ ናብ ዝነበረ ማእከላይ ሕክምና ህዝባዊ ግንባር እየ ተወሲደ። ሽዑ ዝነበሩ ሓኪይም ኑቶም ካብ ፈቓዶ ዓውደ ውግኣት ዝመጽኡ ዝነበሩ ውጉኣትን ሕሙማትን ንኽሓውዩ ለይትን መዓልትን ዝጽዕሩ'ዮም ነይሮም። ከም ማንም ፍጡር መግቢ ክንበልዕ፡ ማይ ክንሰትን ክንድቅስን ከይበሉ፡ ህይወት ተጋዳላይ ኣብ እንግድዓኦም ስለ ዝተለጠጠ ዝለዓለ ሓላፍነት እዩ ነይሩዎም። ኣብ ሰውራ ከምዚኦም ሓኪይም እንተ ዘይነበሩና እቶም ብዙሕ ግዜ ተወጊኦም፡ ሓውዮም ኣብቲ ዝዋገር ዝነበረ ብረታዊ ተጋድሎ ቃልሲ ንናጽነት ዘኻየዱ ዝነበሩ ተጋደልቲ ቃልሶም ኣይምቐጸሉን ነይሮም።

"ኣነ ብወገነይ እቲ ገድሊ መሪር ስለ ዝነበረን ብዙሓት ብጾተይ ብምስዋእቲ ይፍለዩኒ ስለ ዝነበሩን፡ ብህይወተይ ናብ ኣስመራ ክኣቱን ናጽነት ክስተማቕርን እየ ኢለ ሓሲበ ኣይፈልጥን። ብሰላ'ቶም ምእንቲ ናጽነት ዝሓለፉ ጀጋኑን ወፋያት ሓኪይምን ግን፡ ናጽነት ክርኢ፡ በቒዐ ኣብ ጎደናታት ኣስመራ ሸናዕ ክብል ከለኹን ኣብ ቤት ጽሕፈተይ ኮይነ ክሳብ ትንፋሰይ ዘላ ንሃገረይ ከበርክት ከለኹን፡ ኩሉ ግዜ ኑቶም ምእንቲ ሃገርን ህዝባን ዝሓለፉን ብሞያኦም ንተጋዳላይ ካብ ማስዋእቲ ዘድሓኑ ሓኪይምን ሰውራ ወትሩ ምስ ዘርርኩ'የ። ኣምላኽ ድማ ሓደ ካብቶም ብዙሕ ፈተናታት ሓሊፎም ዝወጽኡ ውኑኣት ገይሩ እዩ ኣውጺኡኒ፤ ደቀይን ደቂ ደቀይን ክሓቁፍ ድማ ኣኽኢሉኒ" ይብል።





ተጋዳላይ ተኸስተ ማስፍን ኣብ ጽባሕ ናጽነት ኣብ ጎደና ሓርነት እናተዛወረ (1991)



ተኸስተ ማስፍን ድሕሪ ናጽነት ኣብ ንጡፍ ስራሕ

ይቕጽል...

## ስእልታትና ቅርሰታትና



ሰማእታት ቁሩሕ ኣብ ማእከል ከተማ ከረን ተንጠልጢሎም ደረኣዩ

ክቡራት ኣንበብቲ ካብዚ ሕታም'ዚ ዝፍልም "ስእልታትና ቅርሰታትና" ብዝብል ኣርእስቲ ብኣጋጣሚ መበል 35 ዓመት ናጽነትና ኣዳሊና ኣለና። እዚ ድማ ብዛዕባ ቅርሰታት ሰውራና ዝገልጽ ኣብ ግዜ ሓርነታዊ ተጋድሎና ካብ ዝተሳእለ ስእልታት ሰውራ እናመረጽና እነቕርበሉ'ዩ። ምኽንያቱ ስእሊ ክንዲ ሽሕ ቃላት ካብ ኮነ ብዙሕ መግለጺ ዘድልዮ ህያው ምስክር ናይቲ ዝተፈጸመ ክስተት እዩ።

እዛ ንርእያ ዘለና ስእሊ ኣብ 1960ታት ተጋደልቲ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ኣብዚ ሎሚ ዞባ ዓንሰባ ዝበሃል ዘሎ በቲ ናይ ሽዑ ኣውራጃ ሰንሒት፡ ዝንቀሳቐሱ ዝነበሩ ተጋደልቲ ብሰራዊት ስርዓት ሃይለስላሰ ሓደጋ ምስ ወረዶም ብጅግንነት እናተዋግኡ ዝተሰውኡ'የም።

ሽዑ እዋን እቶም ተጋደልቲ ኣብ እግራተኾሎም ስለ ዝበሩ ምስቲ ዓርሞሸሽ ሓይሊ ኢትዮጵያ ኣትኪሎም ክገጥሙ ዓቕሚ ኣይነበሮምን። ጸላኢ ድማ ኑቶም ዝተሰውኡ ተጋደልቲ ካብ ፈቓዶ ዝወደቑሉ ቦታታት ኣኪቡ፡ ኣብ ከረን ህዝቢ ንምርዓድን ካብቲ ሒዘዎ ዝነበረ ሓርነታዊ ጉዕዞኡ ንድሕሪት ንምምላስን ብዝብል ክፉእ ሜላ፡ ኣብ ጎደናታት ከረን ኣብ ሓደ ቦታ ከም ዝስጥሑን ኣዋሕቲ ባላታት ብምትካል ንምርኢት ከም ዝስቀሉን ገበረ።

ህዝቢ ከረን ኣውራ ድማ መንእሰያት ነቲ ፍጻመ ምስ ሰምዑ ኣሸንኳይ ነቲ ብጸላኢቲ ዝተፈሓሰ ተንኮል ጅጋኑኦም ክርእዩ፡ ኑቶም ተሰቒሎም ዝበሩ ሰማእታት ክትክሉ ናብ ሰውራ ውሒዞም። በዚ ድማ ግፍዕታት መግዛእቲ ንህዝብና ከርዕድ ይትረፍ ካብቲ ኣብ ባሕቲ መስከረም 1961 ዝፈለሞ ሓርነታዊ ጉዕዞ ንድሕሪት ክመልሶ ኣይከኣለን። ዝያዳ እኳ ህዝቢ ሓራ ናብ ሓርነታዊ ጉዕዞኡ ዓሰለ። እቲ ናይ ሽዑ ብመግዛእቲ ዝተሰቕለ ስእልታት ጀጋኑ ድማ እንሆ፦

## ካብ ሕቶታት ታሪኽና

1. ኣውዳድባ ብርጌዳት ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ናብ ክ/ሰራዊታት መዓስ ነይሩ፧
2. ኣውዳድባ ሰራዊት ኤርትራ ድሕሪ ናጽነት ብ4 ኮራት ነይሩ። ካብቶም ኮራት 2 ጥቐስ፧
3. እተን ኣብ 1977 ብህዝባዊ ግንባርን ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን ሓራ ወጺኣን ዝነበራ 4 ርእሰ ከተማታት ኣውራጃታት ጥቐስ፧
4. ድሕሪ ምብታን ተሓኤ 1981 ንመጀመርታ ናብ ህዝባዊ ግንባር ዝተጸንበረ ወድብ ተሓኤ መን ይበሃል፧

ሀ/ ፋሉል ለ/ ስመር ውድብ ሐ/ ተጋድሎ ሓርነት ማእከላይ መሪሕነት (ሳግም)

መልሲ ኣብ ዝቕጽል...

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሰምራዊት መለስ

BISHA MINING

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following positions

### 1.Position: Computer Training and Resource Administrator officer
Department: Employee Service
Section : Training and Development
Number required: One (01)

Primary purpose

• Train Employees in computer systems and applications programs to make employees able to work with computers independently in effective and efficient manner.
• Manage computer lab and provide support to employees attending online training

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS: -**

- Plan for computer training program
- Tailor Training
- Conduct computer training
- Manage Computer Lab
- Evaluate effectiveness of training programs
- Provide user support to the online trainees and general resource center users
- Provide resources center administrative support
- Reporting

**UNIQUE REQUIREMENTS / OTHER INFORMATION**

- Conduct Training impact assessment and training auditing
- Good verbal and written communication skill in English.
- Produce and maintain effective training results
- Coaching amd monitoring skill
- Assessment and Moderation skill Understanding of instruction design system

**Qualifications:**

- BSc. Or Diploma In computer science or related fields

**Knowledge and Experience:**

- 2 - 5 years' experience as computer trainer .
- 2 - 5 ears office and computer lab administration

| Technical Skills | Behavioural Skills |
|---|---|
| Advanced Computer skills | Communication (English and local language) |
| Great verbal and written communication skills | Respectful |
| Attention to detail | Committed |
| Analytical skill | Integrity |
| Problem solving skill | Conflict resolution |
| Reception skills (ability to greet and receive guests well) | Ability to work towards strict deadlines |
| Adult education | Flexible and open-minded |
| Summarization and report writing skills | High level of accuracy |
| Receive and relay messages effectively | Positive and Professional mannerisms |
| | Friendly and respectful |

### 2. Position: Graduate Development Program Coordinator
Department: Employee Service
Section : Training and Development
Number required: One (01)

Primary Purpose

- To effectively implement and manage the BMSC Graduate Development Program by planning, coordinating, monitoring program activities, supporting graduate trainees and departments, and ensuring proper budget control and expenditure tracking.

**Main Functions**

- Development and implementation of Graduate Development Program
- Plan & Coordinate implementation of BMSC Graduate Development Program
- Monitor implementation of Graduate Development Programs
- Report on individual Graduate trainees' & GDP progress
- Provide Administrative support to the Graduate Trainees & PDP implementing departments
- Budgeting and Expenditure tracking
- Stakeholder Engagement and Relationship Management.
- Maintaining budget and tracking of expenditure.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

- Development and review of Graduate Development Program
- Compliance and Continuous Improvement

**Knowledge, Experience and Skills**

| **Qualifications:** |
|---|
| Degree in Management or mining related field |
| Second-grade driving licence |
| **Knowledge and Experience:** |
| 2 Years of Accounting knowledge |
| 1-3 years' experience in accounting environment |

| Technical Skills | Behavioural Skills |
|---|---|
| Computer Literacy (MS Office – Advanced) | Integrity |
| Communication (English and local language) | Assertiveness |
| Management skills | Interpersonal Relations |
| Attention to detail | Conflict resolution |
| Analytical skill | Ability to work towards strict deadlines |
| Coordination skills | High level of accuracy |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work: Bisha.**
- **Salary: As per Company salary scale.**
- **Type of Contract: Indefinite**


**Additional requirements for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provided evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to: -**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272 Asmara, Eritrea**


ጽንዓትና ዋሕስና!
ጽምብል መበል 35 ዓመት በዓል ናጽነት
ስእሊ፦ ስውእ የማነ ኣብርሃ፦
ታእዛዝ ኣብርሃ
ብስራት ክፍለማርያም
ዲዛይን - ታእዛዝ ኣብርሃ

